ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
አሥመራ - ኤርትራ

ቁ. ሳ. ጶ. 244
ቴሌ. 00291-1-12 02 06
ፋክስ 00291-1-12 65 19

“ትንሣኤከ ለእለ ኣመንነ፡ ብርሃነከ ፈኑ ዲቤነ
ትንሣኸ ንዝኣመንና፡ ብርሃንካ ፈንወልና”

# በዓለ ትንሣኤ

፯ ሚያዝያ ፳፻፬:15 ሚያዝያ 2012

ክቡራትን፡ ክቡራንን፡ ኣብ ርሑቕን ቀረባን፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከቡ ኵልኹም ውሉደ ትንሣኤ፣

ቅድሚ ኵሉ፡ እንቋዕ ናብ ብርሃነ ትንሣኤኡ ብድኅነ ሰላም ኣብጽሓና እናበልኩ ልባዊ ትምኒተይ እገልጸልኩም። ኣብቲ ተሳቕዩ፡ ሞይቱ፡ ተንሢኡ ዘድኃነና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ እንኣምን ጀሚርና ውሉደ ትንሣኤ ኢና። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ንሕና ኣመንቲ ብሥራት ትንሣኤ እምበር መርድእ ሞት ሒዝና እንጐዓዝ ሰባት ክንከውን ኣይግብኣናን እዩ። ምሸት ዓርቢ ስቕለት ብዙኃት ካብቶም ኣብ ኢየሱስ ዓብይ ተስፋ ገቢሮም ዝነበሩ ሰዓብቱ ኣዝዮም ተዓንቂፎም እዮም። እዚ ከኣ ከም ኣተሓሳስባ ሰብ፡ ኢየሱስ ንኣኣቶም ኣዝዩ ኃያልን ገባሬ መንክራትን፡ መንም ክደፍሮ ዘይኽእል፡ ንሓዋሩውን እቲ ቅቡእ ኣምላኽ፡ ክርስቶስ ንጉሥ ኣይሁድ፡ ዝኸውን ኮይኑ ይረኣዮም ስለዝነበረ እዩ። ተታሒዙ፡ ክጽፋዕን፡ ክግረፍን፡ ክስቀልን፡ ክመውትን፡ ምስ ረኣዩ ግን ኣዝዮም ሰንቢዶም። ገሊኦም እውን “ንኻልኦት የድኅን ነበረ፡ ንሱ ክርስቶስ፡ ናይ ኣምላኽ ኅሩይ እንተ ኮይኑስ ርእሱ የድኅን”(ሉቃ 23:35) እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ። ድሕሪ ሞቱ እውን ከምቶም ተስፋ ቆሪጾም ንምዕራብ ገጾም፡ ኤማሁስ ናብ ዝበሃል ዓዲ ዝተጓዕዙ ክልተ ደቀመዛሙር ገለ ብፍርሂ ገለ እምነት ብምጕዳል ዳርጋ ኵሎም ተበታቲኖም እዮም። ንሱ ግን “ንወዲ ሰብ ኣኅሊፎም ኣብ ኢድ ሰብ ኪህብዎ፡ ኪቕትልዎ እዮም፣ ምስ ተቐትለ ድማ ብሣልሰይቲ መዓልቲ ኪትንሥእ እዩ”(ማር 9:31) እናበለ፡ ኣቐዲሙ፡ እዚ ፈተና'ዚ ከምዝመጽእ፡ ኣብ መወዳእትኡ ግን ንሱ ከምዝዕወት ሓቢሩዎም ነቢሩ እዩ። ብሓቂ ከኣ፡ ከምቲ ዝበሎ፡ ካብ ሙታን ምስ ተንሥአ፡(ማቴ 28:6) ኣብ መንገዲ ኤማሁስ ነቶም ክልተ ደቀመዛሙርቱ “ኣቱም ነቢያት ብዝተዛረብዎ ኵሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዓያሱ፡ ክርስቶስ ነዚ ሓሳረ መከራ እዚ ኪቕበል እሞ ናብ ክብሩ ኪኣቱ ናይ ግዲዶ ኣይኮነን?” (ሉቃ 24:25-26) በሎም። ቅድሚ ሞቱውን እቶም ቃሉ ዝሰምዑን በቲ ዝለኣኾ ዝኣምኑን ሕይወት ዘለዓለም ከምዘላቶም፡ ብእምነቶም ካብ ሞት ናብ ሕይወት ከምዝሳገሩ ኣነጺሩ ገሊጹሎም እዩ። “ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ እቲ ንቓለይ ዚሰምዕ፦ በቲ ዝለኣኸኒውን ዚኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፣ ንሱ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ይሳገር እምበር ናብ ፍርዲ ኣይኪበጽሕን እዩ። እቶም ምውታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዚሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ ኣላ፡ ንሳ ከኣ ሕጂ እያ፡ እቶም ዚሰምዑዎ ዘበሉ ድማ ብሕይወት ከምዚነብሩ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ” (ዮሓ 5:24-25)።

እወ፡ “ፋሲካ ብሂል ማዕዶት እስመ ዓደወ እግዚእነ እሞት ውስተ ሕይወት!” ጐይታና ካብ ሞት ናብ ሕይወት ስለዝተሳገረ፡ ፋሲካ ማለት ምስጋር ማለት እዩ። እምበኣር፡ እምነት ንዘለዎ፡ ፋሲካ ማለት ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ባርነት ኃጢኣት ናብ ሓርነት ደቂ እግዚኣብሔር፡ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምስጋር ማለት እዩ። እምነት ንዘይብሉ ግን ተራ ናይ ደስደስን ናይ ብልዕን መስተን በዓል ኮይኑ ይሓልፍ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ምስ ማርታ ክዋሳእ ከሎ፡ “ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፡ እቲ ብኣይ ዝኣምንሲ እንተ ሞተ እኳ ብሕይወት ኪነብር እዩ፣ እቲ ብኣይ ዚኣምን ሕያው ዘበለ ኵሉ ንዘለዓለም ኣይኪመውትን እዩ። እዚዶ ትኣምኒ ኢኺ?” ቢሉ ምስ ሓተታ፡ “እወ ጐይታይ፡ ንስኻ እቲ ናብ ዓለም ዝመጽእ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾንካ እኣምን እየ” (ዮሓ11:25-27) በለቶ። ሎሚውን ነዚ እምነትዚ ናትና ክንገብሮ የድሊ። ስለዝረኣና እንተኣመንና ትሩፋት የብሉን። እግዚኣብሔር ዘይጋገን ዘየጋግን፡ ዘይታለልን ዘየታልልን፡ ሓቂ ብርእሳ ስለዝኾነ፡ በቲ ሓደ ወዱ፡ ብመድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ገቢሩ ስለዝገለጸልና፡ ኢና እንኣምኖ እምበር፡ ተመራሚርና ስለዝተረዳእና፡ ተንኪፍና ስለዘረጋገጽና፡ ወይ ከኣ ብሳይንሳዊ ፈተነ ጭቡጥ ውሕስነት ስለዝረኸብና ኣይኮነን። ቅዱስ ቶማስ ሓዋርያ ነቲ ብጾቱ ብዛዕባ ትንሣኤ ጐይታ ዝሃብዎ ብሥራት ከይቅበል ተጠራጢሩ፡ ግድን ጭቡጥ መረድኢ የድልየኒ፡ ብዓይነይ ከይረኣኹ በእዳወይ ከይዳህሰስኩ ኣይኣምንን እየ፡ በሎም እሞ፡ ኣብ መጨረስታኡ ኢየሱስ እንደገና ምስተራእዮም ንቅዱስ ቶማስ፡ “ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን....ስለዝረኣኻኒ ኢኻ ዝኣመንካ፡ እቶም ከይረኣዩ ዚኣምኑ ግን ብፁዓን እዮም በሎ” (ዮሓ 20:27-29)። ቶማስ ከኣ “ጐይታይን ኣምላኸይን”! ቢሉ ንክርስቶስ ሰገደሉ። “እምነት ነቲ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከም እንረኽቦ ዜረጋግጽ፡ ነቲ ዘይርአ ነገር ከኣ ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ” (ዕብ 11:1)። ኣብ እግዚኣብሔር ምእማን ማለት ኵሉ ተስፋኻን፡ ትምኒትካን፡ ኣብኡ ምንባር ማለት እዩ።

“እምነት ካብ ምስማዕ እያ፣ እቲ ዝሰማዕ እውን ቃል ክርስቶስ እዩ” (ሮማ 10:17)። ስለዚ፡ ቃል ክርስቶስ ምስማዕ፡ ብእግዚኣብሔር ኣቦ ምእማን፡ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ምቕባል፣ ኣብዚ ምድር'ዚ ትርጉም ዘለዎ ፍርያም ናይ እምነት

ሕይወት ክንነብር፣ ኣብ መጨረስታ ከኣ ናብ ሕይወት ዘለዓለም ክንብጽሕ ይሕግዘና። ንሕና ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስ ኣሚንና እንነብር መስከርቲ ትንሣኤኡን፡ ደቂ ተስፋን ኢና። "እታ ተስፋ ካብ እምነት እያ" (ሮማ 4:16) እትመጽእ። ብእምነት ኣቦና ዝኾነ ኣብርሃም'ውን "ኣብቲ ተስፋ ዘይብሉ ተስፋ ብምግባር ኣቦ ብዙኃት ከምዝኸውን ኣመነ" (ሮማ 4:18)። "እምነቱ ንጽድቂ ተቖጽረሉ" ዝብል ንኣብርሃም ጥራይ ኣይተጻሕፈን። ንኣናውን እዩ። ንኣና በቲ ንኢየሱስ ጐይታና ካብ ምውታት ዘተንሥኦ ንእንኣምን ከኣ ጽድቂ ኪቑጸረልና እዩ። ንሱ ምእንቲ ኃጢኣትና በጃ ዝኾነ፡ ንኣና ንኬጽድቐውን ካብ ሞት ዝተንሥአ እዩ" (ሮማ 4: 23-25)። እምነት፡ በቲ ሓደ ወገን ነጻ ህያብ/ጸጋ ኣምላኽ ክትከውን ከላ፡ በቲ ካልእ ከኣ ጻማ ጻዕርና እውን እያ። ከም ህያብ መዓልቲ መዓልቲ እምነትና ንእሽቶን ድኹምትን ስለዝኾነት ንጐይታ "እምነት ወስኸና" (ሉቃ 17:5) እናበልና ክንልምኖ ይግባእ። እዚ ልመና እዚ ንበይንና ኣይኮንና እነቕርቦ። ከምቲ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንስምዖን ጴጥሮስ፡ "ስምዖን ስምዖን! እንሆ ሰይጣን ከም ስርናይ ኪሓሕየኩም ለመነ። ኣነ ግና እምነትካ ከይተጥፍእ ምእንታኻ ጸልየ ኣሎኹ። ንስኻ ድማ ተመሊስካ ነኀዋትካ ኣጸናንዓዮም (ሉቃ 22:31-32) ዝበሎ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ደው ኢሉ ዝጽሊ ዓብይ ጠበቓ ኣሎና። እምነት ቅድሚ ኵሉ ህያብ ኣምላኽ እያ ክንብል ከሎና እምበኣር እቲ ቀዳማይ ናይ ድኅነት ስጉምቲ ብኣኡ እዩ ዝጅምር፡ እግዚኣብሔር እዩ ብዘይውዳእ ፍቕሩን ሕያውነቱን መንነቱ ዝገልጸልና። ንሱ እዩ መንገዲ ድኅነት ዘርእየና፡ ንሱ እዩ ሓቅን ፍትሕን ዝምህረና።

እምነት ፍረ ጻዕርና እውን እያ። "ግብረ እምነት ዚፍጸም ብጸጋን፡ በቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውሽጣዊ ሓገዝን ጥራሕ እዩ፣ ግና ኸኣ እምነት ውፁእ ሰብኣዊ ተግባር ምዃኑ ኣንኢስካ ዚረአ ሓቂ ኣይኮነን። ኣብ እግዚኣብሔር እምነትካ ምውዳቕ፡ ነቲ ንሱ ዝገለጸ ሓቅታት ሕንጎፋይ ኢልካ ምቕባል" (መዝ.ሃይማ ቍ.154) ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ብወገንና፡ ኵሉ ጊዜ ክንከናኸናን ክንኵስኵሳን የድሊ። ኣምላኽ እንተሓገዝናዮ እዩ ዝሕግዘና፡ ወትሩ ናትና ድልየትን ምትሕብባርን ይጽበ እዩ። "ኣብ መደብ እምነት ሰብኣዊ ኣእምሮን ድላይን ምስ መለኮታዊ ጸጋ ይተሓባበሩ፣ 'ግብረ እምነት ኪበሃል ከሎ፡ ብድላይ ተማሪኹ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ተደሪኹ ንመለኮታዊ ሓቂ ናይ ዝቕበል ኣእምሮ ስራሕ እዩ" (መዝ.ሃይማ. ቍ.155)። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ምውታት ተንሢኡ ምስ ተራእዮም ገለገለ ኣይኣመኑን "ብዘይምእማኖምን ትሪ ልቦምን ዘለፎም" (ማር 16:14)። ብኢየሱስ ክርስቶስን፡ በቲ ንሱ ዝመሃሮን ዝገበሮን፡ ከምኡውን ንድኅነትና ኢሉ ንኣኡ ብዝለኣኾ እግዚኣብሔር ኣቦን፡ ምእማን ንድኅነት ኣድላይ እዩ (መዝ.ሃይማ ቍ.161ረአ)። "እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኀን እዩ፡ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ" (ማር 16:16)። ዕለት ዕለት ንቃለ እግዚኣብሔር ምስማዕ፡ ኣብ ግላውን ማኅበራውን ጸሎትን መስዋዕተ ቅዳሴን ምስታፍ፡ ምሥጢረ ንስሓን ምሥጢረ ቍርባንን ኣዘውቲርካ ምቕባል፡ እኳ ደኣ ንርእስና ኣሚና ንእምነት ኣኅዋትና ከነበርትዕ ኢየሱስ ኃላፍነት ኣልቢሱና እዩ። እንተኾነ ቅዱስ ያዕቆብ ከምዝብሎ፡"ሥጋ ብዘይመንፈስ ምውቲ ከምዝኾነት፣እምነትውን ብዘይ ግብሪ ምውቲ እያ(ያዕ 2:26)። ስለዚ እምነትና ኣብ ጸሎትን ምሥጢራትን ከይተደረተት ኣብ ግብረ ሠናይ ክትዋፈር፡ ኣብ ናይ ምሕረት ስራሓት እውን ወትሩ ክትተግህ ኣለዋ። ብርግጽ፡ ክርስቶስ ብትንሣኤኡ፡ ንሞትን ንሰይጣንን፡ ንዅሉ ክፍኣትን፡ ኣሸኒፉዎም እዩ። በዚ ኢና ከኣ "ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን፡ በዓብይ ኃይል ወስልጣን፡ ኣሰሮ ለሰይጣን፡ ኣግኣዞ ለኣዳም፡ ሰላም፡ እምይእዜሰ ይኩን ፍስሓ ወሰላም" እናበልና ናይ ዓወት ጭርሖና እንደግም። እንተኾነ ንሕና ገና ምሉእ ብምሉእ ኣይተዓወትናን፡ ቃልስና ቀጻሊ እዩ። ውሉደ ትንሣኤን ደቂ ተስፋን ስለዝኾንና "በቲ ንዅሉ ሰብ፡ ምናዳ ንኣመንቲ ዜድኅን ሕያው ኣምላኽ ተስፋ ስለዝገበርና ከኣ ንጽዕርን ንጋደልን ኣሎና"(1ጢሞ4:10)። ዕለት ዕለት፡ ተስፋ ከይቆረጽና፡ "ጽቡቕ ናይ እምነት ገድሊ" (1ጢሞ 6:12) ክንጋደል ኣድላይ እዩ።

ክቡራትን ክቡራንን ውሉደ ትንሣኤ፡ እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን በዚ ዓመት'ዚ እምነትና ምእንቲ ክብርትዕ፡ ዝዘሓለ ምእንቲ ክበራበር፡ ካብ እምነቱ ዝረሓቐ ምእንቲ ክምለስ፡ እምነት ዘይብሉ ወይ ዘጥፍአ ከኣ ምእንቲ ክረኽባ፡ ክንጽልን ንሓዲስ ስብከተወንጌል (New Evangelization) ክንዕጠቕን ትዕድመና ኣላ። እውነተይናታት መሰኻኽር ክርስቶስ ምእንቲ ክንከውን ሓዲስ ኣገባብ ኣሰማምዓ ቃለእግዚኣብሔርን፡ ኣሰባብኻ ወንጌልን ተማሂርና፣ ንእምነትና ብሓሳብን ብቃልን ብግብርን ሓንትን ድልድልትን ከምእትኸውን ክንገብር ኣድላዪ እዩ። በዚ ምኽንያት እያ ቤተክርስትያን ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን ካብ ዝካየድ 50 ዓመት ስለዝገበረ፡ ንኣኡ ንምዝካርን፡ ነቲ ንሱ ዘሕለፎ ውሳኔታትን ትምህርትን እንደገና ንምዝኽኻርን፡ ኣፍደገ እምነት (The Door of Faith) ዝብል ኣዋጅ ብምውጻእ፡ ካብ ዚመጽእ ዘሎ ወርሒ ጥቅምቲ 2012፡ ክሳዕ ወርሒ ኅዳር 2013 ዓመት እምነት(Year of the Faith) ይኹነልኩም ትብለና ዘላ። ኣብ ሰበኻናውን "ምስክርነት ንኣምልኾ፡ ኣምልኾ ንምስክርነት " ዝብል ጭርሖ ዝሕመረቱ ካልኣይ ሰበኻዊ ሲኖዶስ ምክያዱን፡ ኣብ ሃገርና ራብዓይቲ ሰበኻ ብምውሳኻን እውን ንእምነትና ዘበራብር፡ ንቤተክርስትያንና ዝሓንጽ፡ ናይ ጸጋን በረኸትን ዕድል ከምዝኾነ ኣይንጠራጠርን። እዚ እነብዕሎ ዘሎና በዓለ ትንሣኤ እምበኣር በዓል ፍስሓን ምሕዳስ እምነትን ይኹነልና። እቲ ብሞቱን ትንሣኤኡን ዝተበጀወና ክርስቶስ ነባሪ ሰላምን፡ ፍቕርን፡ ኀውነትን የምጽኣልና። ንዅልና ከኣ ቡሩክ በዓለ ትንሣኤ ይግበረልና። ኣሜን።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ